ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.162 | ሰንበት 8 መጋቢት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ካብ ኣብነታውያን ታሪኻውያን ፍጻመታት

ገጽ 4
ክሊማዊ ለውጢ፡ ባህሪ ኣከባቢ

ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ውሽጣዊ ውድድራት እዚ…


# ብምኽንያት 8 መጋቢት ዝተፈላለየ መደባት ተሰላሰሉ





ስእሊ ሳሚኤል ንጉስ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ “ክብርታትና ዋልታና” ብዝብል ቴማ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ ዝተወደበ ዝተፈላለየ መደባት ተሰላሰለ፤

በዚ መሰረት፡ ጨናፍር ሃግደኤ ኣብ ሚኒስትሪታትን ፈደረሽን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝወደብኦ መደብ፡ ናይ ለሚ ዓመት 8 መጋቢት፡ ማእለያ ዘይብሉ ብደሀያታትን ተጻብኦታትን ብልዑል ንቕሓትን ጥምረትን መኪትና፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ እንሰግረሉ ዘለና መድረኽ ትዝክር ምህላዋ ፍሉይነት ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ብቓልሶና ዝረጋገጸናዮ ሰላምን ርግኣትን ናብ ዝበረኸ ዕብየትን ልምዓትን ንምስግጋር፡ እቲ መኸተ ቀጻሊ ምዃኑ ኣረጋጊጸን።

ኣመሓዳሪት 16 ንኡስ ዞባታትን ወከልቲ ግንቦርን ኣብ ዘሎምዎ ናይ ደገፍ ቃል፡ 8 መጋቢት - ቅያን ጅግንነትን ደቀኣንስትዮ ዝዝክረላን ንምሉእ ኣግኢዞ መብጽዓ ዝሕደሰላን ዕለት ምዃና ጠቒሰም፡ ሳላ ዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ንደቀኣንስትዮ ዝሓሸ ድሑር ልምድታት ንምውጋድ ኣተባቢዒ ስራሕ ከምእተሰላሰለ፣ እንተኾነ ልዕሊኡ ንምስራሕ ገና ቀጻሊ ስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቦም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብምምሕዳር ዞባ ኣብ ዝተወደበ ስነስርዓት፡ ን324 ኣብቲ ታውያን ሰራሕተኛታት ደቀኣንስትዮ ወረቐት ምስክርን ኣፍልጦን ክዕደል ከሎ፣ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶ ሓዝሓዝ ኣብ ዝተኻየደ ብመመረቕታ ብሞያ ዝሰልጠና ተሃደስቲ ዝተሰየ መደብ፡ ኣዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃደሶን ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዖ፤

ብኻልእ ወገኑ ሃብሱ ኣብ መዓስከር ደንደን ተደኪኑ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ሓርበኛታት ሰንከላን ኩናት ወፈራ ጽሬት ክውድብ ከሎ፣ ሱጥባቦውያን ደቀኣንስትዮ ኣባላት ማሕበር ትንሳኤ፡ ዝተፈላለየ ስርሓት ሳኹ ቁርበት፡ ካይላን ካልእን ዝጠቓለለ ምርኢት፡ ኣብ ኣፍደገ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንህዝቢ ኣቕሪበን ኣለዋ። እዚ ከምዝሉ እንከሎ፣ ሓላፊት ሃግደኤ ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ጅምዓ ማሕሙድ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት ንመንእሰያት ደቀኣንስትዮ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣብ ቃልሲ ደቀኣንስትዮ ብሓፈሻ፣ ቃልሲ ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ንምዕርነትን ሓርነትን ድማ ብፍላይ ዘተኩረ ሰሚናር፡ ብ6 መጋቢት ኣካዪዳ።

ብዓለም ደረጃ ዝተኻየደ ምንቅስቓስ መሰል ደቀኣንስትዮ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂሰብ ካብ ዘጋጠሙ ዓበይቲ ፍጻመታት ሓደ ምዃኑ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ጅምዓ፡ ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ እዋን ቃልሲ ኩሉ ድሕሪ ናጽነት - ኣብ ልምዓትን መኸተን ዘርኣዩኦ ተሳትፎ በብመድረኹ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሓያሰቲ ወለዶታት ኣሰር ኣደታተንን ኣሓተንን ብምስዓብ ንዝበርኦ ዘለዋ ኣበርክቶ መጉሲ።

ተሳተፍቲ ብወገኖን፡ ሳዕቤናት ጉዳእቲ ልምድታት ንምምካት፡ ተራ ሃግደኤን ትካላት መንግስቲን ንምሕያል ዝቐድ ገንዘባት ክድፍኣሉ ኣዘኻኺረን።

ኣቦ‘ቲ ኣጋጣሚ፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት ክካየድ ከሎ፣ ንዕወታት ገንዘባዊ ሽልማት ተበርኪቱ።

ግዚያዊ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል ኣሕመድ መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ተራ ደቀኣንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ ፍትሕን ናጽነትን ከምኡ’ውን ዝኸፈልኦ ዋጋ ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ ደቀኣንስትዮ ተፈጢሩለን ዝሎ ዕድላት ተጠቒመን፡ ኣብ ቦታ ስርሐን ኣድማዕትን ተወዳደርትን ክኾና ኣዘኻኺሩ፤

ብዘይካዚ፡ ሓላፊት ሃግደኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ጅምዓ ማሕሙድ፡ ብ3 መጋቢት ንደቀኣንስትዮ ነበርቲ ከተማ ባጽዕ ተመሳሳሊ ሰሚናር ከምዝሃበት፡ ወከልቲ ኤሬና ሓቢሩ፤

# ሃገራዊ ማሕበር ሕክምናዊ ላቦራቶሪ ኤርትራ፡ 5ይ ጉባኤኡ ኣቃነዐ

ሃገራዊ ማሕበር ሕክምናዊ ላቦራቶሪ ኤርትራ፡ ብ7 መጋቢት ኣብ ኣስመራ 5ይ ጉባኤኡ ኣቃንዐ፤

ግዚያዊ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሚካኤል ተስፋሚካኤል ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ ሂብካ ምስራሕ፣ ምሉእ ዝርግሐን ዝተወሃሃደ ኣገልግሎት ጥዕናን ንኽህሉ ምስ ማሕበራት ሞያውያን ጥዕና ጥቡቕ ዝምድና ብምፍጣር ዕዙዝ ኣበርክቶ ምግባር፡ ከምኡ’ውን እዋናዊ ሓበሬታ ምዝርጋሕ፡ ካብ ቀንዲ ዕላማታት ማሕበርም ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ሃገራዊ ማሕበር ሕክምናዊ ላቦራቶሪ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝሰላሰሎ መደባት ምስናይ ብደሀታቱ ዘቕረበ ኣቶ ሚካኤል፡ ብመንጽር ዕላማታቱ ኣብ ወሰናት ንጥፈታት ብምትኳር ሞያዊ ኣገልግሎት ኣብ ምሉብ ተደራቲ ምጅንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ዝያዳ ኣድማዒ ኣበርክቶ ንምግባር ውዳቡ ኣሐዩሉ ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።





ስእሊ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ምሉእ ሸፈነን ኣተኣማማኒ ውጽኢትን ሕክምናዊ መርመራታት ንኽህሉ ምጽዓር፣ ንረብሓ ሕብረተሰብ ቀዋምነት

ኣብ መወዳእታ ተጋባእቲ፡ ኣብ ዳግመ-ክለሳ ቅዋም ማሕበር ብዕምቈት ድሕሪ ምዝታይ፡ ንዝመጽእ ክልተ ዓመት እተገልግል ሓዳስ ፈጻሚት ሸማግለ መሪጾም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፣ ማሕበር ኂ-ኂ 5ይ ጉባኤኡ፡ “ምምዕባል ኣገልግሎት ሕክምናዊ ላቦራቶሪ፡ ንብቑዕ ሕክምናዊ ክንክን” ብዝብል ቴማ፡ 8ይ ሱፍልጡታዊ ዋዕላ ኣካዪዱ።

ኣብ‘ቲ ዋዕላ፡ ኣብ ሕማም ወደቦ “ቢ”፣ ሕዱራት ሕማማት፣ ንመድሃኒት ዝጻወሩ ሕማማት ዓሶን ዓባይ ሰዓልን፣ ተርእዮ ሕማም መንሽሮ ሻሕለ ኣብ ደቀኣንስትዮ ኤርትራ፣ ከምኡ’ውን ካልእ ጥዕናዊ መዳያት ዘተኩረ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀሪቡ።

ኣብ 1997 ማሰረቲ ጉባኤ ዝቖመ ሃገራዊ ማሕበር ሕክምናዊ ላቦራቶሪ ኤርትራ፡ ኣብዚ እዋንዚ ልዕሊ 540 ኣባላት ኣለውዎ።

# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ ብልዑል ድምቀት ጸንቢሉ

ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ - ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ “ክብርታትና ዋልታና” ብዝብል ቴማ፡ 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ ጸንቢለን።

ብ5 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ወከልቲ ውድብ መግቢን ሕርሻን ፕሮግራም ልምዓትን ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ከምኡ’ውን ወከል ባንኪ ልምዓት ኣፍሪቃ ተሳቲፎም።

ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣገዳሲ ደቂኣንስትዮ ብኽእለንትናኤ ንኽረጋገጽ፡ ንቑሕ ተሳትፎን ኣበርክቶን ከምዝደሊ፡ ብምጥቃስ፡ ደቂኣንስትዮ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!” ዝብል መርሓ ጎደና፡ ኣብ እዋኑን ብምልኣትን ንምርግጋጽ እጃመን ክዕዝዛ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ - ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራውን ቁጠባውን ኣገልግሎት ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ብወገና፡ ሕቶ ማዕርነት ደቂኣንስትዮ ብምልኣት ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ኣካል ከም ዘድሊ ብምሕባር፡ ሞያውያን ደቂኣንስትዮ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ባህርያውን መኣዛውን ፍርያት ንምስሳን ንዘጻወትኦ ዘለዋ ተራ መጕሱ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወ/ት ሄራን የሴፍ ብወገና፡ ናይ ሎሚ ዓመት 8 መጋቢት፡ ኤርትራውያን



ደቂኣንስትዮ ኣንጻር ኩሉ ብድሆታት እናገጠማ፡ ጽንዓት ኤርትራዊ መትከል ንልምዓት ንምምስኻር ምርብራብ ኣብ ዝቕጽላሉ ዘሎ ወቕቲ ትግበር ምህላዋ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ካብኣን ዝሕተት ኣበርክቶ ንምምዕባል ድሉውነተን ኣረጋጊጻ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ነቲ በዓል ንምድማቕ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ክቐርብ ከሎ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብትግሃትን ተወፋይነትን ዝዀልዓ ጉዳያም ሰራሕተኛታት፡ ናይ ምስጋናን ኣፍልጦን ወረቐት ምስክር ተዓዲለን።

# ተመሃሮ ኣብ ምንቅስቓሳቶም ብሕግታት ትራፊክ ክመላለሱ ጻውዒት ቀሪቡ




ተመሃሮ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳቶም ብሕግታት ትራፊክ ክመላለሱ፡ ካብ 25 ለካቲት ክሳብ 5 መጋቢት ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተኻየደ ናብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ኣስተምህሮ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምስ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ደምቡሶምባል፡ እምባህራ፡ ደንደን፡ ሰማእታት፡ ባርካን ቀይሕ-ባሕርን ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ኣብ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ተጠቃምነት ጽርግያ ብተመሃሮ ኣብ ዝርአ ሸለልትነትን ጥሕሰት ሕግን ኣተኲሩ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝሃበ ሜጀር ሃብተ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ተመሃሮ ነፍሶም ካብ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ንምድሓን፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕግን ምልክታትን ትራፊክ ከዕብዩ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ማእከል - ኣብ 2025 ብዝጋጠመ 2,592 ሓደጋታት 30 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 660 ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፣ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 16 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከምዝጋጠመ፡ ምስናይ ጠንቂታቱ ገሊጹ።

ብመራሕቲ ብሽክለታ ንዝርአ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ተደራራቢካ ምኻድ፡ ኣብ ጸልማት ብዘይ መብራህቲ ምምራሕ፡ ክልተ ሰብን ልዕሊኡን ተወጢሕካ ምምራሕን ካልእን፡ ብኣጋር ተመሃሮ ዝዘውተር ድማ ኣብ ማእከል ጽርግያ ዕላልን ኩዕሶ ምጽዋትን ከምኡ’ውን ዜብራን ሴማፎሮን ብግቡእ ዘይምጥቃም ከምዝጠቓልል ኣፍሊጡ።

ርእሰ-መምህራን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ንዝወሃቦም ኣስተምህሮ ብግቡእ ተግባራዊ ኣብ ዓማታት ፖሊስ ትራፊክ ንምስማር ምትሕብባሮም ከዕዝዙ ተላብዮም።

ተመሃሮ ድማ፡ እቲ ኣስተምህሮ ብሰላም ንኽመላለሱ ከምዝሕግዞም ብምጥቃስ፡ ብቐጻሊ ክካየድ ኣዘኻኺሮም።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምብራኽ ብውህደት ክስራሕ ከምዘድሊ ተገሊጹ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምብራኽ ብውህደት ክስራሕ ከምዝድሊ፡ ብ2ን 3ን መጋቢት ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ኣብ ውጥን ትግባረ መደባት 2026 ዝዘተየ ርክብ፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ግንባርን፡ ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባታት፡ ከምኡ’ውን ርእሱመምህራንን ኮሚቴ ወለድን ተሳቲፎም።

ሓላፊ’ቲ ጨንፈር መምህር ፍስሃየ ኪዳኑ፡ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ 158 ትካላት ትምህርቲ ከምዘለዋ፡ ሸፈነ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምምሕዳራት ከበቢ ድማ ልዕሊ 87 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምግላጽ፡ ነቲ ዝተረፈ ንምብጻሕ ቀጻሊ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ትምህርቲ ንሓደ ኣካል ዝገድፍ ዕማም ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ክብ ንምባል ኣብ ዝግበር ኃደሳት፡ ውህደት ናይ ኩሉም ኣካላት ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባታትን ኣሃዱታትን፡ ጸብጻባቶም ብመንጽር ዘሎ ዕድላትን ብድሆታትን ብዝርዝር ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንመምህራን ስልጠናታት ክወሃባን ሕጽረት መጽሓፍቲ ፍታሕ ክናደየሉን ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ፡ ብውህደት ክስራሕ ጸዊዑ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም     ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ     ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# መዘናጋዒ

ማርታ ክብሮም

## ክምዚ'ውን ኣሎ

• 'ጆኣን ሃኒንግተን ኣብ 1980ታት ካብቶም ብዝበን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዖም ዝነበሩ መስተንክራዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ። 'ዘ ጋድ ማዘር' ብዝብል ቅጽል ስም ትፍለጥ ዝነበረት ጆኣን፡ ኣዝዩ መሳጢ መልክዕን ኣኩዳድናን ተዘውትር ብምንባሩ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ገበን ተዋፊራ ከም ዘላ ይጥርጥራ ኣይነበረን። ስለዚ ዝ. ከም ዕድል ተጠቒማ ካብ ክቡር ስልማት ዝሸየጡ ዱኳናት ምስራቕ ስርሒይ ኢላ ተተሓላለዮ። ብዝያዳ ድማ ካብ ኣልማዝ ዝተሰርሐ ስልማት ትሰርቕ ነበረት። ስማ'ውን ኣዝዩ ገኒኑ። ኣብ እዋኑ ዝተጻሕፈ ንህይወት ታሪኻ ዘዘንቱ መጽሓፍ ብዙሓት ተነቢቡ።



ጆኣን ሃኒንግተን

ፍቕሪ ኣብ ዘይብሉን ዓመጽ ኣብ ዝመልኦን ገዛ ብምዕባያ፡ ብዘይካ ንኡሳ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ክትኣምን ከም ዘይብላ እናተማህረት እያ ዓብያ። ኣብ መበል 17 ዓመታ ኣደ ክትከውን ዝኸኣለት ጆኣን፡ ምስቲ ዝወለደላ ጨካን ሰብኣይ ክትምርዖ እያ ተገዲዳ። ሓደ መዓልቲ ግና ካብኡ ክትርሕቕ ብምውሳና ጓላ ሒዛ ሃደመት። ጓላ ንምዕባይ ዝኣተወቶ ገበን መውዳእታ ግና ብጽቡቕ ኣይተዛዘመን። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክትእቶ ኮይና።

• ሰርዓት ናዚ ናይ ጀርመን ንፖላንድ ምስ ወረረ፡ ዜግነት ፖላንድ ዝነበሮም ጆሴፍ ስወትዊክዝ ምስ ኣቦኡ ናብ ሓደ ሕሱም ኣተሓሕዛ ዝነበሮ መዓስከር ናዚ እዮም ተወሲዶም። ኩናት ክሳብ ዝዛዘም፡ ሽዱሽተ ካብቶም ዝኾሉሕሉ መዓስከራት ጀርመን ዝረኣየ ጆሴፍ፡ ህይወቶም ዕረፍቲ ብዘይብሉ ስራሕን ግፍዕን ተመሊኡ ከም ዝነበረ እዩ ዝገልጽ። ሓደ እዋን ጀርመናውያን ኑቶም እሱራት ኣብ ቅድሚት ሰሪዖም ከም ደፋዕ ይጥቀምሎም ከም ዝነበሩ'ውን ይዝክር። ከምዚ ኢሉ ንዓመታት ዝተጓዕዘ ጆሴፍ ኣብ መወዳእታ፡ ኩናት ስለ ዝተዛዘመ ብህይወት ካብቲ መዓስከር ክወጽእ ክኢሉ እዩ። እንተኾነ ናብ ማብቆል ዓዱ ምስ ተመልሰ፡ ካብ 150 ቤተሰቡ እቲ እኾ ብህይወት ዝተረፈ ንሱ ጥራይ ነይሩ። ድሕሪዚ ኣብ መዓስከር ሰደተኛታት እናተቐመጠ፡ ምስ ፖሊስ ኣይሁድ ብምጽንባር፡ ንገበኛታት ናዚ ኣብ ምህዳን ዓቢ ግደ ተጻዊቱ። ቀጺሉ'ውን ብጥፍኣት ናዚ ስድራኦም ንዝሰኣኑ ዘኽታማት ህጻናት ኣይሁድ ኣብ ምሕጋዝ ብንጥፈት ተዋሲኡ።

• ፓውል ሬቨረ ብሪጣናውያን ጉዕዞ ናብ ኣመሪካ ይመጽኡ ከም ዘለዉ ንኸፍሮርም ምሉእ ለይቲ ብፈረስ ዝተጓዕዘ እዩ። ድሕሪዚ እዩ እቲ 'ቃልሲ ኣመሪካ' ተባሂሉ ዝተጸውዐ ኩናት ዝጀመረ። ፓውል እቲ መልእኽቲ ንኣመሪካውያን ክዝርግሕ ከሎ ብመልክዕ ግጥሚ ገይሩ ከም ዝገለጾም እዩ ዝዝንቶ። ፓውል ወላኳ ናይ መጀመርታ ነገሪ እንተነበረ፡ ካልኦት ሓሙሽተ ፈረሰኛታት'ውን ምምጻእ ወተሃደራት ብሪጣንያ ክዮዱ ኣብ ወሽጢ ኣመሪካ ተጓዒዞም እዮም። ዊልያም ዳወስ'ውን ድሕሪ ሬቨረ ምምጻእ ብሪጣናውያን ክዮር ዝሰዐበ ዝነበረ እዩ። እንተ ኾነ ብዙሕ ከይተጓዕዘ ፈረሱ ካብ ዝኾነ ኣውዲቕዎ ስለ ዝሃደመ ንድሕሪት ክምለስ ተገዲዱ። እስራኤል በሰል ዝተባህለ ካልእ ፈረሰኛ'ውን ንኣርባዕተ መዓልታት ን560 ኪሎ ሜትር ኣብ ዓዲታት ኣመሪካ፡ "ብሪጣናውያን ይመጽኡ ኣለዉ፡ ኩናት ተጀሚሩ እዩ" እናበለ ዝተጓዕዘ እዩ። ኣብ መንጎ እዚም ንኣመሪካ ንምድሓን ንነዊሕ ኪሎ ሜትራት ብፈረስ ዝተጓዕዙ ሓርበኛታት፡ ሰይቢል ሉዲንግተን ዝተባህለት ጓል 16 ዓመት መንእሰይ ነይራ እያ። ንሳ ንከተማታት ዳንቡሪን ኮነክቲካትን መጠንቀቕታ ንምሃብ ኣስታት 64 ኪሎ ሜትር እያ ንብዮና ተጓዒዛ። ሉዲንግተን ኣቦኣ ሳዕሰዋይ ሓላፊን ሃገራውን ብምንባሩ፡ ንጓሉ ንሓደጋ የቃልዓ ከም ዝነበረ እናተረድአ እዩ ብለይቲ ናብዘን ከተማታት ልኢኹዋ። ንሳ ኣብዘን ከተማታት ብምእታው በትሪ ገይራ ገዛ ገዛ ብምኹሕኳሕ ንሰብኡት ናይተን ከተማታት ከም ዝትንስኡ ብምግባር፡ ብዘይ ዝኾነ ጉድኣትን ኣብ ኣድ ጸላኢ ከይኣተወትን መሬት ቅድሚ ምውጋሑ ብሰላም ናብ ቤታ ክትምለስ ክኣለት። ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር - ጆርጅ ዋሽንግተን ኣብ ናይ ስልጣን ግዜኡ ንጅግንነታ ዝገልጽ ሓወልቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ክስርሓላ ክኢሉ እዩ።


ፓውል ሬቨረ

## ካብ ጽንብላት ብጽሕና

1. **መንእሰያት ቀቢላ ኦጌክ - ኬንያ** ዕድመ ብጽሕና ምስ በጽሐ፡ ገጾም ጸዕዳ ሕብሪ ብምልካይ፡ ብዓበይቲ ደቂ ዓዶም



ተመሪሖም ንሓደ ኣራዊት ኣብ በረኻ ክደልዩ እዩ ዝነገሮም። እዚ ትብዖት ናይ'ቶም መንእሰያት ዝርኣየሉ ማስርሕ እዩ። ብዘይ ፍርሒ ካብ በረኻ ዝወጸ በጺሒ ድማ ከም መርኣያ መንፍዓቱ ብዓበይቲ ደቂ ዓዱ ቀርኒ ይወሃቦን እኹል በጺሒ ከም ዝኾነ ይንገሮ። እዚ ብክልቲኡ ጾታ ዝግበር ጽንብል ብጽሕና፡ ቡጡጅለ እዩ ዝካየድ።

2. **ኣብ ማሊ ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ፋላ፡** ኣብ ሕብረተ ሰብን ከም ብጹሓት ክወሰዳ እንተ ኾይነን ትኾዲ (ምውቃጥ ኣብ ገጽ) ዝበሃል ማስርሕ ክሓልፋ ኣለወን። ኣብ ግዜ ጽንብል፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከንፈረን ብጸሊም ሕብሪ ይወቀጣ። እዚ መግለጺ ምልክት ጽባቐን ባህላዊ መንነትን እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ድማ እታ ጓል ኣንስተይቲ ነቲ ኣብ መጻኢ ትምርዓዎ ሰብኣያ ኣዝያ ጽብቕቲ ኮይና ንክትጸንሖ ዝብል እዩ። ብዘይካ'ዚ እታ ጓል ኣብ ግዜ ምውቃጥ፡ ነቲ ቃንዛ ክትጸውሮ እንተ ክኢላ እያ ከም ብጽሕቲ ትሕሰብ። ኣብ ግዜ ምውቃጥ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሕብረተ ሰብ ፋላ፡ ብሓደ ተኣኪበን ከበሮ እናሃረማ ይደርፋን ይስዕስዓን።

3. **ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝነብሩ ቀቢላ ግዋን ርየ፡** 20 ዓመት ዝመልኡ መንእሰያት ኣብ ሳልሰይቲ ሰኑይ ናይ ወርሒ ግንቦት ጽንብል ብጽሕና የካይዱ። ደቂ ኣንስትዮ ባህላዊ ክዳን ብዝረን ብምኽዳን፡ ካብ መቐርበን ፈተውተንን ጨና፡ ዕምባባን ምስዮምን ሰለስተ ህያባት ይወሃባ።

4. **ኣብ ስሪላንካ ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ታሚል፡** ከም ብጹሓት ዝወሰዳ ወርሓዊ ጽግያተን ምስ ጀመረን ጥራይ እዩ። ስለዚ ጓል ኣንስተይቲ፡ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ዝጀመራ መዓልቲ፡ ብመቕርባ ኣካላታ ከም ትሕጸብ ይግበር። ድሕሪዚ ንበይና ኣብ ሓደ ገዛ ገይረን ድማ ብዙሕ ዝዋቐኑ መግቢ ትወሃብ። መግቢ ድሕሪ ምብልዓ'ውን ከም እንደገና ከም ብሓደሽ ኣካላታ ከም ትሕጸብ ይግበር እሞ፡ እኽሊ ከም ዝኸውን ዝርኣየሉ ብዙሕ መመላኽዒ ኣብ ገጻ ይግበረላን ስልማታት ኣብ ኢዳን ክሳዳን ትኽደንን። ኣብ ግዜ ጽንብል ብጽሕና፡ መቐርበን መሓዙታን ህያባት ሒዞም ብምምጻእ እዮም ጽንብል ዘካይዱሉ።

5. **ኣብ ደቡብ ዳኮታ (ኣመሪካ) ዝነብሩ** ቀቢላ ያንክቶን ሰያኽስ ወርሓዊ ጽግያት ዝተራእየን ደቂ ኣንስትዮ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጽል ጽንብል የካይዳ። እተን ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ ግዜ ጽንብል ብጽሕና ንኣርባዕተ መዓልታት ብሓደ ይቐንያ። ዝኾነ ዝበላዕ ወይ ዝስተ ብኢደን ኣይሕዛን፡ ብኣደታተን ወይ ኣብቲ መዓስከር ብዘለዋ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ እየን ዝምገባ። እተን መንእሰያት ኣብተን ኣርባዕተ መዓልታት፡ ናብ በረኻታት ብምኻድ ቀመማት፡ ፍረታትን ዕንባባታትን ይኣርያ። ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዓይነት መግቢታት ከመይ ከም ዝኸሸና ደርፍታት ጽንብል፡ ብዛዕባ ዝምድናን ሓዳርን ካልእ ንጥፈታት ሕብረተሰብን ብዓበይቲ ኣደታት ናይቲ ቀቢላ ይመሃራ።

6. **ኣብ ጋና ዝነብሩ ቀቢላ ክሮቦ ዳንፖ** ዝበሃል ጽንብል ብጽሕና ደቂ ኣንስትዮ



የካይዱ። እተን ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣካላተን ከም ዝሕጸባ ድሕሪ ምግባር፡ ቃንጫ ሽኮርን ካብ ዳንቺን ወይንን ዝተሰርሐ ማስተን ይወሃባ። እግረን ድማ ብደም ናይተን ንጽንብል ኢለን ዝተሓርዳ ኣጣል ከም ዝሕጸባ ይግበር። እተን ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ ጽንብል ብጽሕና ኣብ ዘካይዳሉ ንሓደ ሰሙን ካብ ዓደን ብምውጻእ፡ ብዓበይቲ ኣደታት ብዛዕባ ሕርሲ፡ ምኽኻን መግብን ካልእ ዘቤታዊ ንጥፈታት ገዛን ይመሃራ። ድሕሪዚ ናብ ዓደን ተመሊሰን፡ ፍርቂ ኣካላተን ክዳን ገይረን ፍርቂ ድማ ሕብሪ ለኸየን 'ካሎማ' ዝበሃል ሳዕስዒት ይስዕስዓ።

## ረብሓታት ብእዋኑ ምድቃስ

ምሸት ቀልጢፍም ዝድቅሱ ሰባት ልዕሊ እቶም ኣምሲዮም ዝድቅሱ ሰባት ጥዕና ከም ዘለዎም እዮም ተመራመርቲ ዋጋዕ ዝተባህለ ትካል ዝሕብሩ። እቶም ተመራመርቲ ኣብ 88 ሽሕ ወለንተኛታት መጽናዕቲ ከም ዝገበሩ ድሕሪ ምግላጽ፡ ምሸት ኣብ ሰዓታት 10-11 ምድቃስ ጥዕና ከምዝሀብ ብፍላይ ካብ ወቕዒ ልብን ጸቕጢ ደምን ከም ዝከላኸል ኣረዲኦም።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ ጉንቦ ኣእዳው ናይቶም ወለንተኛታት ንሸውዓተ መዓልቲ ዝኣሰርዎ ሰዓት ማሳል መሳርሒ፡ ንጥዕና ልብን ዙረት ደምን ናይቶም ወለንተኛታት ክስንድ ክኢሉ እዩ። ልዕሊ 3,000 ካብቶም ተሳተፍቲ ሕማም መትንታት ልቢ (ካርዲዮቫስኩላር) ከም ዘማዕበሉ እቲ መጽናዕቲ ኣረዲኡ። መብዛሕትኦም እዚ ሕማም ኣብቶም ድሕሪ ሰዓት 10-11 ናይ ምሸት ዝድቅሱ ሰባት እዩ ኣጋጢሙ።

ፕሮፌሰር ዴቪድ ፕላንስ፡ ደንጉኻ ምድቃስ ንወሻጣዊ ሰዓት ዑደት ሰብነትና ከበላሽዎ ከም ዝኽእልን እዚ ከኣ ኣብ ጥዕና ልቢ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘለዎን እዩ ዝገልጽ።

ኣብ መደምደምታ እቲ መጽናዕቲ፡ እኹል ድቃስ ምርካብ፡ ንሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኻ፡ ጥዕና ልብን ጥዕና ዙረት ደምን ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታት ኣብ ለይቲ ካብ ሸውዓተ ክሳብ ትሸዓተ ሰዓታት ክድቅሱ ከም ዘለዎም ምዒዱ።





# ኣከባቢ




ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)



# ክሊማዊ ለውጢ - ባህሪ ኣከባቢ

ኢ.ን. ኣማን ተዛረ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/
ኣከባብን

ክስተት ክሊማዊ ለውጢ ሓደ ካብቶም ኣብ መጀመርያ ተርእዮታቱ፡ ህላወኑ/ሓቅነቱ ኣካታዕቲ ዝዀኑ ክስተታት'ዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ክሊማዊ ለውጢ ወጽኢት ዓብይቲ ተፈጥሮኣውያን ሓይሊ እምበር ብንጥፈታት ናይ ሕብረተሰባት ክስዕበዩ ኢልካ ዝእመን ኣይነበረን፡፡ ህላወኑ ምስ ተረጋገጸ'ውን ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ብቕትዕ ዝተመልአ ክስተት ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ቀጺሉ'ዩ፡፡ ገለ ካብዞም ናይ ክሊማዊ ለውጢ ክትዓት ነቲ ዛሕቲሉ ዘሎ ዓውለማውነት ንቕድሚት ንምድፋእን ምንዛዝን ዝተማህዘ'ዩ፡፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ነተን ኣብ ቁጠባ ተወዳደርቲ ዝኾና ሃገራት ምዕባለኣን ንምድራት ተባሂሉ ዝተማህዘ ዝብሉ ይርከብዎም፡፡ ከም ሳዕቤኑ በዞም ዝተፈጥሩ ኣምራውያን ማዕቀባት፡ መኸተ ክሊማዊ ለውጢ ተደናጊዩ፡፡ ህላወኑ ግኑ ብጽልዋታቱ ጉዳይ ዝኾኑ ቁጽሪ ሕብረተሰባት ምስ ዛየደ ተረጋገጸ፡፡

### ክሊማ እንታይ'ዩ፧

ክሊማእንታይእዩ፧ዝብል ሕቶ፡ብዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝተፈላለዩ መግለጺታት ይወሃቦ እዩ፡፡ ገለ ካብቶም ብዕብለላኑት ንክሊማ ዝትንትኑ ዓውድታት፡ ዓውዲ ሜትሮሎጂ፥ ስነምድርን ኣከባብያዊ ስነፍልጠትን የጠቓልሉ፡፡ ካብዞም ዓውድታት እቲ ኣብ ምግላጽ እንታይነት ክሊማ ማሕዲጉ ዝጸንሐ ዓውዲ ሜትሮሎጂ'ዩ፡፡ ኣብዚ ዓውዲ፥ ክሊማ ማለት ካብ ሰላሳ ዓመት ዝዘይድ ዝተመዝገበ ኩነታት ኣየር ናይ ሓደ ኣከባቢ ወይ ምድሪ'ዩ ዝብል መግለጺ ይወሃቦ፡ እዚ ዓውዲ ኣብ ዚያዳ ዝተናወሐ ግዜ'ውን ክሊማዊ ለውጢ ናይ ሓደ ኣከባቢ ክግምግም ይኽእል፡፡ ንኣብነት፡ ዓውዲ ሜትሮሎጂ ናይ ሓደ ኣከባቢ ኣብ ወሽጢ ሓደ ዘመን ዝተመዝገበ ኩነታት ኣየር ናብ ሰለስተ ሰላሳ ዓመታት ብምክፍፋል፥ ጸንዕነት ክሊማ ናይ እዚ ኣከባቢ ክግምግም ይኽእል፡፡ ይኹን እምበር፥ እዚ ዓውዲ ብኸመይ ክሊማዊ ለውጢ ተኸሲቱ፧ ብኸመይ'ከ ክውገድ ይኽእል፧ ኣይገልጸን'ዩ፡፡ ዚ ሕቶ ንምምላስ ስነምድርን ኣከባብያዊ ስነፍልጠትን ዝቐርብዎ ፍልጠት ምትንታን የድልየና፡፡ ከም ወጽኢቱ ክሊማ እንታይ'ዩ፧ ክሊማዊ ለውጢ'ኸ ዝብሉ ሕቶታት፥ ብመንጽር ናይዞም ዓውድታት ስነፍልጠት ክንትንትኖም ንግደድ፡፡

ክሊማ እንታይ'ዩ ዝብል ሕቶ ምስቲ ግዜ እንታይ'ዩ ዝብል ሕቶ ተመሳሳልነት ኣለዎ፡፡ ክሊማ እንታይ'ዩ ንዝብል ሕቶ ቅድሚ ምምላስና፡ መጀመርያ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ደረጃ ህላወት ክሊማ እዩ፡፡ ማለት፡ ክሊማ መሰረታዊ ህላወት ኣለዎ ዶዩ ወላስ ወጽኢት ህላወት ናይ ካልኦት ኣካላት'ዩ፧ ምኽንያቱ ኣብዚ ዓለም ክልተ ዓይነት ደረጃ ህላወት ኣለዉ፡፡ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ህላወት ሓደ ነገር ብዘይ ርእሱ ክህሉ ክኽእል ከሎ ዝኽሰት ናይ መሰረታውያን ነገራት መሰረታዊ ህላወት'ዩ፡፡ እቲ ካልኣይ ደረጃ ህላወት ሓደ ነገር ነብሱ ክኢሉ ክህሉ ዘይክእል፥ ህላወቱ ግን ወጽኢት ህላወ መሰረታውያን ነገራት ኮይኑ፡ ብቑልዖ ህላወት ናይ ብቑልዖ ነገር እዩ፡፡ ንኣብነት ሕብረተሰብ ዝህሉ ሰብ ምስ ዝህሉ'ዩ፡፡ ስለ'ዚ ሰብ መሰረታዊ ህላወ ክኸውን ከሎ፡ ሕብረተሰብ ድማ ብቑልዖ ህላወት ናይ እኩባት ሰብ እዩ፡፡

እሞኸ ደኣ፡ ደረጃ ህላወት ክሊማ ብኸመይ ንገልጾ፧ ክሊማ ሓደ ጠበይ ናይ ምድሪ ክሱብ ዝኾነ ደረጃ ህላወት ክሊማ ንምፍላጥ፡ ደረጃ ህላወት ናይ ኣብ ምድሪ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ምርዳእ የድሊ፡፡ ምድሪ ብመሰረታዊ ህላወት ዘለዎም መሬት፡ ኣየር፥ ማይን ህይወታውያንን ዝቖመት እያ፡፡ እዞም ኣካላት ነንሕድሕዶም ብዝፈጥርዎ ወሃደት፡ ክሊማ ይፈጥሩ፡፡ እዚ ማለት፡ ክሊማዊ ናይ ኣከባቢ ባህሪ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ማይ፥ ኣየር፥ መሬትን ህይወታውያንን ኣከባቢ ዝፈጥሩ መሰረታውያን ኣካላት ስለዝኾኑ፡፡ ክሊማ ዝበሃል መሰረታዊ ህላወት ግን የለን፡፡ ክሊማ ወጽኢት ወሃደት ወይ ወሰስእ ናይዞም ዝተዘርዘሩ መሰረታውያን ህላወት'ዩ፡፡ ምስ ግዜ ባህሪ ናይዞም መሰረታውያን ነገራት ምስ ዝቕየር ድማ ኣቓዲሙ ተመስሪቱ ዝነበረ ክሊማ ይቕየር፡፡ ከም ወጽኢቱ ክሊማዊ ለውጢ ይኽሰት፡፡ ንኣብነት፡ ፍርያምነት ሓመድ ወይ ትሕዝቶ ኣየር ወይ ዓቐን በረድ ወይ ብዙሕነት ህይወታውያን ምስ ዝቕየር ብመንጽሩ ክሊማ ክቕየር ግድን ይኸውን፡፡ እዚ ምስቲ ውልቀሰባት ናይ ባህሪ ለውጢ ምስ ዘርእዩ ሕብረተሰብ ይቕየር ዝብል ኣምር ዝመሳሰል'ዩ፡፡

### ክሊማዊ ለውጢ እንታይ'ዩ፧ ጠንቅታቱ'ኸ፧

ስለዚ፥ ክሊማዊ ለውጢ ማለት ምልዋጥ ኩነታት ምድሪ፥ ኣየር፥ ማይን ህይወታውያንን ማለት'ዩ፡፡ ካብዚ መግለጺ ብምብጋስ ጠንቅታት ክሊማዊ ለውጥ ክንትንትኖም ይከኣል፡፡ ዋላኳ ብመሰረት ናይዚ መግለጺ ጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ማእለያ ዘይብሎም ክስተታት እንተኾኑ፥ ነዚ ኣብዚ ዘመን ዛዕባ ኮይኑ ዘሎ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ እንታይ'ዩ ምፍታሽ ኣገዳስነት ይህልዎ፡፡

ምድሪ ኣብ ታሪኻ ብዙሓት ክሊማዊ ለውጢ ኣሕሊፉ እያ፡፡ ዝበዝሑ ካብዞም ክሊማዊ ለውጢ ብስሪ ንጥፈታት ህይወታውያን ዝተኸሰቱ እዮም፡፡ ከምዚ ዓይነት ክሊማዊ ለውጢ ነፍሳዊ ክሊማዊ ለውጢ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ ንኣብነት እቲ ናይ መጀመርያ ብንጥፈታት ህይወታውያን ዝስዓበ ክሊማዊ ለውጢ ብንጥፈታት ባክተርያ ዝተኸሰተ'ዩ፡፡ እቶም ውሑዳት ኣብ ታሪኽ ምድሪ ዝተኸሰቱ ክሊማዊ ለውጢ ድማ፥ ምስ ህይወታውያን ምትሕሓዝ ብዘይብሎም ክስተታት ዝተኸሰቱ እዮም፡፡ እዚ ዓይነት ክሊማዊ ለውጢ ዘይነፍሳዊ ክሊማዊ ለውጢ ይበሃል፡፡ ንኣብነት፥ እሳተጎመራን ምቅይያር ጸሓያዊ ጸዓትን ጠንቂ ናይዚ ዓይነት ክሊማዊ ለውጢ እዮም፡፡

ይኹን'ምበር፥ ዚ ናይዚ ዘመናዊ ክሊማዊ ለውጢ ፍሉይ ዝገብሮ ክልተ ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ ቀዳማይ ናይ ግዜና ክሊማዊ ለውጢ ሰብ ዘኸተሎ ክሊማዊ ለውጢ ስለዝኾነ፥ ካልኣይ ድማ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ዝተኸሰተ ብምዃኑ'ዩ፡፡ እቶም ክሊማዊ ለውጢ ዘኸተሉ ንጥፈታት ወድ-ሰብ ብዙሓት እዮም፡፡ እቶም ምርኢያት ንጥፈታት ወድሰብ ግኑ ከም ምብራስ ኣግራብ፥ ጽንታዊ ሃድን፥ ድሑር ሜላታት/ኣገባብ ሕርሻ፥ ተጠቃምነት ነዳዲ የጠቓልሉ፡፡

ነዞም ንጥፈታት ኣብ ሓጺር ግዜ ክሊማዊ ለውጢ ክኽሰት ዝገበሩ ክልተ ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ ሓደ ሕንጉራኣዊ ዕብየት ብዝሒ ህዝቢ ክኸውን ከሎ፡፡ እቲ ካልኣይ ድማ ቴክኖሎጂ እዩ፡፡ እዞም ረቛሒታት ሃላኽነትን ጸዕቂ ንጥፈታትን ብምዝያድ፥ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ሓጺር ግዜ ክኽሰት ኣኽኢሎም'ዮም፡፡ ንኣብነት ገረብ ክትቆርጽ ዘኽእል ተክኖሎጂ ዝዋጠቐ ሕብረተሰብ ካብቲ ዚ ተክኖሎጂ ዘይዓጠቐ ሕብረተሰብ ዝያዳ ብርሰት ኣግራብ የኸትል፡፡ ከምኡ'ውን ሓደ ዝያዳ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝያዳ ጠለብ ነዳዲ ስለዝሃልዎ፡ ዝያዳ ነዳዲ ብምህላኽ ዝያዳ በልዓቲ ጋዝ ብምትፋእ ኣብ ክስተት ክሊማዊ ለውጢ ተራ ይጻወት፡፡

### ኣማራጺታት ምምካት ክሊማዊ ለውጢ

ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ክልተ መፍትሒታት የጣትት፡፡ እዞም መፍትሒታት ምግታእ/ምንካይ ክሊማዊ ለውጥን ምርዓም/ምልዓብ ክሊማዊ ለውጥን ይብሃሉ፡፡ ብርግጽ፥ ክሊማዊ ለውጢ ክግታእ ዝኽእል ክስተት ኣይኮነን፡፡ ምስ ተኸሰተ'ውን ክቕልበስ ዝኽእል ክስተት ኣይኮነን፡፡ ይኹን'ምበር፥ እቲ ወድሰብ ኣብ ክሊማዊ ለውጢ ዘለዎ ተራ ክግታእ ይኽእል'ዩ፡፡ ማለት፡ እዚ ኣብዚ ዘመን ብስሪ ንጥፈታት ወድ-ሰብ ተኸሲቱ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ ካብ ምብኣሱ ክዕገት ይኽእል'ዩ፡፡ ስለዚ፥ ምግታእ ክሊማዊ ለውጢ ክበሃል ከሎ፡ እቲ ብወድሰብ ኣብ ማዕርሕ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ ምግታእ ማለት'ዩ፡፡ ዚ ክዉን ንምግባር ግኑ ኩሎም ሕብረተሰባት፡ ቅደም ተኸተል ዘይብሉ፥ ብማዕረ ዝም ሜላታት ክተግብሩ ይግበኦም፡፡

እቲ ቀዳማይ ሜላ ምግታእ ክሊማዊ ለውጢ፥ ንተኸሲቱ ዘሎ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ካብ ምንዛር ምግታእ ማለት'ዩ፡፡ ምግራብ፥ ምዝካይ፥ ምዕቃብ ማይ፥ ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ/ንምንካይ ዘኽእሉ ንጥፈታት እዮም፡፡ እንተኾነ ክሊማዊ ለውጢ መን ይገትእ ዝብል ኣካታዒ ሕቶ ኣሎ፡፡ ምኽንያቱ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት/ሃገራት ኣብ ምኽሳት ክሊማዊ ለውጢ ዘለዎም ተራ ብመንጽር ዘለዎም ደረጃ ምዕባለ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ፡፡ ይኹን'ምበር፥ ማዕረ እተን ዝማዕበላ ሃገራት እተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት'ውን ኣብ ምኽሳት ክሊማዊ ለውጢ ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ኣለወን፡፡ ንኣብነት፡ እተን ዝማዕበላ ሃገራት ብዘለወን ብዙሕ ኢንዱስትሪን ተሸከርከርትን፥ ልዑል መጠን በልዕቲ ጋዝ ናብ ኣየር ብምትፋእ፥ ኩነታት ኣየር ብምቕያር፥ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምኽሳት ዓቢ ተራ ኣለወን፡፡ በንጻሩ እተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፥ ብስሪ ዘለወን ዋሕዲ ተክኖሎጂን ኢንዱስትሪን፥ ብርሰት ኣግራብን ልዕሉመዝምዒን ብምዝውታር፥ መሬቶም ንፍግረመሬት ብምቅላዕ፥ ኩነታት ምድሪ ብምቕያር፥ ክሊማዊ ለውጢ ንክኸሰት ጠንቂ ኮይኖም'ዮም፡፡ እንተኾነ እተን ዝማዕበላ ሃገራት'ውን ኣብ ሓደ ግዜ፥ ዚ ናይ ዘይማዕበላ ሃገራት ንጥፈታት ስለዘሓለፋ፥ ኣብ ክስተት ክሊማዊ ለውጢ ድርብ ተራ ኣለወን፡፡ ብተወሳኺ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምኽሳት ኣየናይ ሕብረተሰብ እዩ ተሓታቲ ብዘየገድስ፥ ክሊማዊ ለውጢ ዓለም ለኻዊ ክስተት ክሱብ ዝኾነ፥ ኩሎም ሕብረተሰባት ናይዛ ዓለም ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምግታእ ክሳተፉ ይግበኦም፡፡

ብካልእ ኣበሃህላ፥ ክሊማዊ ለውጢ ናይ ህዝቢ ዓለም ናይ ሓባር ጸላኢ እንተኾይኑ፥ ኣበይ ዓሪድካ እንታይ ዓጢቕካ ትምክቶ ንዝብል ሕቶ መልሱ ርዱእ ይኸውን፡፡ እዚ ማለት እተን ዝማዕበላ ሃገራት ትፋእ በልዕቲ ጋዝ ኣብ ምጉዳል ክጽዕታ ከለዋ፤ እቶም ዘይማዕበሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘለወን ሃገራት'ውን ምድረበዳት ኣብ ምግታእ ማለት ኣብ ምግራብ፥ ምዝካይ፥ ምዕቃብ ማይ ክጽዕታ ይግባእ፡፡ ካብዚ ወጻኢ፥ እቶም ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ሕብረተሰባት ብክሊማዊ ለውጢ ዝያዳ ተጎዳእቲ ስለዝኾኑ፥ ኣብ ምርዓም/ምልዓብ ክሊማዊ ለውጢ ጥራይ ክተጥፉ ኣለዎም ዝብል ኣመላኻኽታ ብስነፍልጠት ክሊማዊ ለውጢ ዘይተደገፈ'ዩ፡፡ ካብዚ ቀዳማይ ሜላ ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ንምገዛእ ነገር እንተሎ፥ ቅድሚ ዝኣገረ ሕብረተሰባት ዘካይድዎ ንጥፈታት ኣብ ምንዛር ክሊማዊ ለውጢ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣብ ግምት ከእትውዎ ከም ዘለዎም'ዩ፡፡

እቲ ካልኣይ ሜላ ምምካት ክሊማዊ ለውጢ፥ ምልዓብ ክሊማዊ ለውጢ'ዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ንተኸሲቶም ዘለዉ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ፥ ሕብረተሰባት ሜላ መነባብሮኦም ብምትዕርራይ ክልዕቡዎ ወይ ክለማመድዎ ከለዉ ማለት'ዩ፡፡ ንኣብነት፡ ገለ ካብቶም ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ምውሳኽ ምቖት፥ ዕልቕልቕ፥ ደርቂ፥ ባርዕ ሜካታት ክጥቀሱ ይኽኣል፡፡ እዞም ጽልዋታት ደረጃ ምዕባለ ሕብረተሰባት ኣብ ግምት ዘየእትዉን ዓለምለኻውን እዮም፡፡ እንተኾነ፥ ኣየኖት ሕብረተሰባትን ብኸመይን ነዞም ጽልዋታት ይልዕብዎ ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣይተርፍን'ዩ፡፡ ሕጂ'ውን ክሊማዊ ለውጢ ዓለም ለኻዊ ክስተት ስለዝኾነ፥ ኩሎም ሕብረተሰባት ኣብ ምልዓብ ክሊማዊ ለውጢ ክሳተፉ ግድን ይኸውን፡፡

እቲ ብክሊማዊ ለውጢ ዝስዕብ ጽልዋ ግን ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ክፈላለ ስለዝኽእል፥ ብመንጽሩ ሜላ ምልዓብ ክሊማዊ ለውጢ ክፈላለ ይኽእል፡፡ ተጠቃምነት ንጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ዝጸወሩ ምኑዳት ኣዝርእቲ፥ ሓደስቲ ዓይነት ህንጻታት፥ ተክኖሎጂ ብምትእትታው ሕብረተሰባት ንክሊማዊ ለውጢ ክልዕብዎ ይኽእሉ፡፡ ካብዚ ካልኣይ ሜላ ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ንምገዛእ ነገር እንተሎ፥ ሕብረተሰባት ዘካይድዎ ንጥፈታት ብመንጽር ክሊማዊ ለውጢ ክቕርጹ ከምዘለዎም'ዩ፡፡



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ዝቐርብ መደብ |
| 11:25 | ማእገር |
| 13:25 | ሞዛይክ |
| 15:55 | እንዳ ዝማም |
| 16:30 | ፈንቅል |
| 17:05 | መደብ ሄራር |
| 17:45 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ዝቐርብ መደብ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ዝቐርብ መደብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ዝቐርብ መደብ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ዝቐርብ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:03 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ስሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሒታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## “ጋራጅ ኣብ ህይወተይ ኮለጅ’ዩ” ካፕቴን ስተል ሳልሕ

*እዚ ዓምዲ’ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፉ መጻሕፍትን መጽሔታትን ከምኡ’ውን ካብ ኣርኪይቭ ጨ/ስእሊ. ሚ/ ዜናን ካልእን ዝተረኽበ ሰነዳትን ስእልታትን ምርኩስ ብምግባር ዝዳሎ ምዃኑ ዘረጋግጽ።*

ሎሚ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ እያ። ብኣጋጣሚ እዛ ክብርቲ ዕለት፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ካብቲ ተቐዲሑ ዘይውዳእ ኣበርክቶኦን፡ ብዛዕባ ሓንቲ ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ካብ ሞያ መካኒክ ዘይረሓቐት ተጋዳሊት፡ ናይ ሎሚ ካፕቴን ክንርኢ ኢና ሰናይ ንባብ።

ኖቐፋ ኣብ መስከረም 1976 ኣብ ፍጹም ከበባ ምስ ኣተወት’ያ ምስ ስድራኣ፡ ለይቲ ጸላም ተጎልቢቦም፡ ካብታ ከተማ ናብ ምዕራብ ገጾም ናብ ሩባ እምባልቆ ከም ዝወጽኡ ካፕቴን ስተል ሳልሕ ኣብ ሎሚ ኮይና ተዘንቱ። ሽዑ ተቐማጦ ናይ’ታ ከተማ ብሰንኪ’ቲ ውግእ ዳርጋ ዝበዝሑ ናብ በረኻታት’ኳ እንተ ወጽኡ፡ ገለ ግን ምስቲ ተኸቢቡ ዝነበረ ጦር-ሰራዊት ኣብታ ከተማ ዝተረፉ’ውን ነይሮም’ዮም።

ስተል ብሰንኪ’ቲ ናይ ኖቐፋ ከበባ ምስ ስድራኣ ካብታ ከተማ ናብ እምባልቆ ካብኡ ድማ፡ ናብ ጎላጉል ኣግራዕ ሕዳቅ ዝበሃል ቦታ ምስ ወረደት’ያ፡ ኣንጻር መግዛእቲ ብብረት ክትጋደል ዝወሰነት። ሽዑ እዋን ኣብ ከባቢ ሕዳቅ እንከላ ዝያዳ ቡቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣውራ ድማ፡ ጀማሂር ክትጽሎ ግዜ ኣይወሰደላን። ሽዑ ካብቶም እትዝክሮም ኣብ ሕዳቅ ዝነበሩ ኣባላት ጀማሂር ከም ብዓል ዓሻ ፈረጅ፡ ምብራቕ፡ ሳልሕ መሓመድዑመር . . . ድሕሪኡ ድማ፡ ካብ ክፍሊ ታዕሊም ኣብ ጀማሂር ዝተመደባ ከም ብዓል ልኡል ጉብረኣብ፡ ልያ ጉብረኣብ፡ ለተኺዳን ካሕሳይ፡ ኣለም በላይን ካልኦትን መሳቱኣ ምስ ረኣየት’ያ ከይወዓለት ከይሓደረት ንሳ’ውን ክትጋደል ዝወሰነት። ካብ ኣግራዕ ናብ ደብዓት ካብኡ ድማ፡ ናብ ብሌቓት ኣብ መወዳእታ ኩላ ኣብ ፋሕ ምስተን ንዓኣ ዝመሰላ ደቂ



ተጋዳሊት ስተል ሳልሕ (1979)

ኣንስትዮ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ታዕሊም ምስ ጀመረት ቀልጢፋ ከላሽን ክትዓጥቕን ኣንጻር መግዛእቲ ክትረጋረግን ተረቢጻት። ንኣስታት ዓመት መመላእታ ኣብ ፋሕን ብሌቓትን ኣሕለፈቶ። ኣብ ብሌቓት እንከላ ድማ’ያ፡ ብስራት ሓርነት ናይታ ተኸቢባ ዝገደፈታ ኖቐፋ ዝተበሰረት።

ደቂ ኣንስትዮ ኖቐፋ ካብዚ እዋናት’ዚ፡ ንደሓር’ዮን ብብዝሒ ናብ ሰውራ ክጽምበራ ዝጀመራ።

ገለ ካብተን ናብ ገድሊ ዝወጽኣ ደቂ ኣንስትዮ ኖቐፋ፡ ሰዉኣት ኣምና ዓሊኖርን ፋጥና መሓመድኖርን ከምኡ’ውን ህሉዋት ተጋደልቲ ሓሊማ ሳልሕ፡ ስተል ሳልሕ፡ ስተል ሕሴን፡ ዘይነብ ዑመር፡ ሳዓድያ ዑመር፡ መርየም እኩድ፡ ኣምና ሰሊም፡ ኣምና ሓጅ፡ ፋጥና ማሕሙድ፡ ወዘተ ኮይነን፡ ገለ ካብኣን ማዕረ ጀነራል ዳይረክተር፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ስነ-ጥበበኛታት ከምኡ’ውን እዛ ምኩርቲ መካኒክ ካፕቴን ስተል ሳልሕ ክጥቀሳ ይኽኣላ።

ስተል ድሕሪ ታዕሊም ኣብ 1977 ናብቲ ኣብ እምሃሚመ ዝነበረ ጋራጅ ምስ ተመደበት ኣይተቐበለቶን። ናብ ቅድመ ግንባር ክትከይድ’ዩ ነይሩ ድሌታ። ሽዑ ኮነታታ ዝተረድኡ ሓለፍታ ብፍላይ ሃይለ ሰለሙን ዝበሃል ኣባል ጋራጅ፡ “ንስኺ ከም ንእሽቶ መጠንን ከም ጓል ኣንስተይትን፡ ኣብ እዚ ከባቢ ቅድሚ ሕጂ ሞያ ቴክኒክ ዝነበረን ስለ ዘይጸንሓ፡ ንስኺ ዕደለኛ ኢኺ። ደሓር ጋራጅን ግንባርን ፍልልይ የብሉን። እተን ናብ ድፋዕ ዕጥቅን ስንቅን ዘብጽሓን ተጋደልቲ ዘመላልሳን መካይን እንተ ተበላሽየን ንስኺ ከተዕርይየን ኢኺ።” ብምባል የተባበዓ ከም ዝነበረ ትዝክር።

ስተል ኣብ ጋራጅ ሓደ ዓመት ምስ ጸንሓት፡ ብመንፈዓታን ተወፋይነታን ዝመዝኑዋ ሓለፍታ ንኻልእ ስልጠና መረጹዋ። ንሱ ድማ “ካድር ክትመሃሪ ተበገሲ.” ዝብል ነበረ። ስተል ሽዑ’ውን፡ ነዚ ዝተዋህባ ካልኣይ ዕድል ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ኮይኑ ስለ ዝተሰመዓ ኣይተቐበለቶን። ምኽንያቱ ትምህርቲ ካድር ንዓበይትን ንገዳይምን ዝወሃብ ኮይኑ ይስመዓ ስለ ዝነበረ። እንተኾነ ኣብ ገድሊ ዝተበሃልካዮ ስለ እትገብር ኣብ 9ይ ዙርያ ካድር ክትሳተፍ ናብ



ጋራጅ ህ.ግ. ኣብ ሰዋክን

ስምሃር ተበገሰት።

ሓደ መዓልቲ 9ይ ዙርያ ትምህርታ ከይዛዘመት ከላ፡ ኑቶም ኣባላት ካድር ህጹጽ ኣኼባ ተጌብረ። ምስቲ ኣብ ግንባር ደቡብ ዝነበረ ኩነታት ጸላኢ. እታ ኣብ ባጽዕ ዓሪዳ ዝነበረት ብርጌድ 70 ናብ ግርሁ ሰርናይ ክትብገስ ስለ ዝተወሰነ፡ ኣባላት 9ይ ዙርያ ካድር ድማ ቦታኣ ክትክኡ ብቀጥታ ካብ መንተብሌ ናብ ግንባር ባጽዕ ከተቱ። ስተል ድማ፡ ምስ ብጾታ ናብቲ ዲቕ ዝበለ ወግእ ባጽዕ ተደርገመት። ሽዑ ጸላኢ. ኣሎ ዝበሃል ዘመናዊ ኣጽዋር ዓጢቑ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ፋሉላትን



ካፕቴን ስተል ሳልሕ

ሚሳይላትን ምስ ጽዑቕ ደብዳብ ነፈርቲ፡ መሬት ክትእየድ ከላ፡ ኣባላት 9ይ ዙርያ ካድር ድማ ኣብቲ ግንባር ዓሪዶም ናይ ሞትን ሕዮትን መኸተ የካይዱሉ ዝነበሩ ጽንኩር እዋን’ዩ። ተጋዳላይ ብመስዋእትን መውጋእትን እናተፈልየ ደብዳብ እናጸዓቐ ጸላኢ. ቡቲ ዝነበሮ ፍናንን ሓይልን እናደፍአ ምስ ከደ፡ ኣብቲ ግንባር ዝነበራ ኣሃዱታት ህ.ግ. ካብ ከባቢ ባጽዕ ከዝልቓ ብላዕሊ ትእዛዝ ተዋህበ። ሽዑ ምስቲ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት፡ እቲ ኣብ ግንባር ባጽዕ ዝነበረ ተጋዳላይ ዝሓዘካ ሒዙካ ኣርኩብ እናተባህለ ዶጎሊ. ማይ ኣጣል እናበለ እቲ ነዊሕን መሪርን ጉዕዞ ናብ ሳሕል ቀጸለ።

ኣብ ከምዚ እዋን፡ እቶም ሞያውያን ናብ ኣሃዱታቶም ክምለሱ ትእዛዝ ስለ ዝተዋህበ፡ ስተል ሳልሕ’ውን ናብቲ ዝነበረቶ ጋራጅ እምሃሚመ ተመለሰት። እንተኾነ ስተል ሕጂ’ውን፡ ኣብ እምሃሚመ ቅሳነት ኣይጸንሓን። ሰራዊት ጸላኢ. ድሕሪ ውግእ እምዓምየደ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ስለ ዝመጽአ ጋራጅ እምሃሚመ’ውን፡ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ናብ ቀብር-ወኣት ክግዕዝ ተገደደ። እዚ እዋን’ዚ ኣዝዩ ፈታኒ እዋን ነበረ። ኩሉ ካብ ሓራ ቦታታትን ደጀንን ዝዘለቐ ሰብን ንብረትን ኣብቲ ጸቢብ ሩባ ፈልከት ተጻፍጺፉ ዝነበረሉ እዋን እዩ። ጸላኢ. ብነፈርትን መዳፍዕን ብዘይ ዕርፍቲ ክድብድብ ከሎ፡ ኣባላት ጋራጅ ምስ ግዜ እናተቐዳደሙ ኑተን ሓይልታት ከምኡ’ውን ዕጥቅን ስንቅን ጽዒነን ናብ ግንባር ዝቀዳደማ ዝነበራ መካይን ከዐርዩ ዕረፍትን ድቃስን ኣይነበሮምን።

ብፍላይ ኣብ ቀብር-ወኣት ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ነፈርቲ ዳርጋ ናብ መሬት ወሪደን’የን ኑቲ ዝደልየኦ ዕላማ ዝሃርማ ዝነበራ። ኣባላት ጋራጅ ድማ፡ ኩሉ ግዜ ህይወቶም ከድሕኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ንብረት’ውን ከድሕኑ ነይሩዎም። ንብረት ሰውራ ብደም ዝመጽኣን ብደም ዝዕቀብን ብምዃኑ፡ ልዕሊ. ማንም ክቡር’ዩ። ኣብ መንጎ’ቲ ደብዳብ ንዕኡ ከድሕኑ ክብሉ በጃ ዝሓለፉ ብጾት’ውን፡ ውሑዳት ኣይኮኑን።

‘መቀያየሪ ኣቑሑ’ (ስፐየራት) እንተ ዓንዩ፡ ንዘቐጽል ስራሕ ባይታ ስለ ዘየለ፡ እተን ነፈርቲ ደብዲበን ኣብ ዝሓልፋሉ ግዜ ኣብታ ናይ ቋሕ-ሰም ህሞት ከም ጭርጭር ዓብደ ምስኣን እናተቐዳደሙ፡ ኑቲ ንብረት ንምድሓን ክሳብ መስዋእቲ እናኸፈሉ ይቃለሱ ከም ዝነበሩ ስተል ትዝክር።

**ይቕጽል . . .**



ጋራጅ ህምቦል ኣብ 2026

## ካብ ቅርስታት ገድሊ

## ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ፧

መርኩብና፦ ካብ ከባቢኡ ብርኽ ኢሉ ዝርአ ቦታ’ዩ። ጸላኢን ምንቅስቓሱን ክከታተል ዝተመዘዘ ዋርድያ፡ ኣብቲ ብራኽ መንበስበስታኡ ደይቡ ኮፍ ምስ በለ ዝፈጥሮ ቅርጺ. ንሓንቲ መልሕቓ ሰዲዳ ጠጠው ዝበለት መርኩብ ዝመስል’ዩ። በዚ ከኣ፡ ዕርዲ መርኩብና ተባሂሉ - ጸላኢ. ንምርጋጽ ዝተቐረበት መርኩብ! ስለዚ፡ ስም ናይቲ ድፋዕ ምስ ቅርጹ ተኣሳሲሩ ዝተበገሰ እዩ።

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ኣብ 60ታት ካብተን ኣብ ወርሒ. መጋቢት ዝተፈጸማ ስርሒታት ዝዓበየት ስርሒት ጥቐስ?
2. ካብቲ ኣብ መጋቢት 1975 ዝተፈጸመ ግፍዕታት ስርዓት ደርግ 1 ጥቐስ?
3. እቲ ኣብ መጋቢት 1975 ኣብ ኣቑርደት ዝተፈጸመ ህልቂት ብምንታይ ይፍለጥ?
4. ኣብ 70ታት እቲ ዝዓበየ ዓወት ሰውራ ኤርትራ እንታይ ነይሩ?
5. ካብ ዓወታት ወርሒ. መጋቢት ኣብ 80ታት 2 ጥቐሱ?

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Process Plant Fitter Assistant**
**Number required – (19)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Fitter assistant is responsible for assisting Fitters with maintenance of machinery and equipment according to OEM specifications and company procedures.
- The scope of this role includes assisting in planned, preventive, and corrective maintenance as per schedule and according to the shutdown plans provided.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Assisting fitters with repairs and installation a
- Wash and clean spare parts and keep work area clean and organised
- Keep spare parts in good and clean and prevent unnecessary oil spills
- Contribute to team effort by engaging in shift work and accomplishing related tasks as needed.
- Update the relevant supervisor on progress of work.
- Work safely and timeously as per set company procedures and work scopes.
- Ensure good housekeeping practices are maintained by cleaning up before, during and after every task.
- Maintaining all allocated tools & equipment by regularly cleaning and maintaining issued work tools to ensure effective task execution daily.
- Any other duties assigned by the supervisor.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Speak and understand English and have a understanding of hand tools and safety |
| Working Experience – Nature & Length | • 1+ years' experience in the mining or related industry with hands-on experience on the tools<br>• Willingness to work in a diverse environment |
| Technical Skills | • Basic mechanical skills and knowledge<br>• Use various hand tools.<br>• Ability to read and write.<br>• Ability to operate cell phone if required |
| Behavioral Skills | • Work well under pressure.<br>• Work well with diverse teams.<br>• Ability to accept new ideas and embrace change.<br>• Work in confined spaces or heights where movement may be restricted.<br>• Good physical condition and stamina.<br>• Work long hours during shutdown periods. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**


ሓደስቲ መጽሓፍቲ NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መለመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

# “ንልምዳዊ ኣገባብ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ክነዕብዮ ባይታ ረኺብና” ተመሪቐቲ

ሪፖርታጅ

ዳህላክ ነጋሲ



ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህኔ ብባህላውን ዘመናውን ኣሰራርሓ መግብን ማስተን ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘሰልጠኖም 80 ተመሃሮ ብሰሉስ 3 መጋቢት ኣመረቐ። ኣብቲ ኣብ ከረታ ማዘናግዒ ማእከል ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ሓለፍቲ እተፈላለየ ማሕበራትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣጋጣሚ፡ ተመረቕቲ ነቲ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ብርክት ዝበለ ባህላውን ዘመናውን መግብን ማስተን ኣቕሪቦም።

ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህኔ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ምስ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ብምውህሃድ ኣዝዮም ብዙሓት ሞያተኛታት ከተፍሪ ዝኸኣለት ትካል እያ። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ንኣባላት ዝተፈላለያ ማሕበራትን ብርትዓዊ ዋጋ፡ ኣብ ነንበይኑ ክፍለ ግዜ - ማለት ምስ ሰዓታት ስራሕ ብዘይምግጫው መገዲ ክሰልጥኑ ከም ዝጸንሑ ይፍለጥ። ከም ኣካል ናይቲ ንእተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገምን ሰንክልናን ዘጋጠሞም ሰባት



ኣቶ ጴጥሮስ ኣብርሃም

ዝውሃብ ስልጠና፡ ኣብቲ ንመበል 26 ግዜ ዝተኻየደ ስልጠና'ውን ንኽልተ ኣባላት ኣእምራውን ምዕባላውን ሰንክልና ከምኡ'ውን ንኽልተ ወለዲ ስልጠና ከም ዝተዋህበ ተሓቢሩ።

መንእሰይ ፈሩዝ መኩንን ሓንቲ ካብ ኣባላት ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ኮይና፡ ኣብቲ ትካል ምድላው መግቢ ግቡእ ትምህርታ ድሕሪ ምክትታል ኣብዚ እዋን ኣብ ኣዝዩ ዝበለጸ ኩነታት ትርከብ። ኣብቲ ትካል ዝቐሰመቶ ሞያ ኣብ ህይወታ ዘሕደሮ ጽልዋ ክትገልጽ እንከላ፡ “በዚ ኣብዚ ትካል ዝረኸብክዎ ስልጠና፡ ጽፉፍን ዝተመጣጠነ ኣመጋግባን ብዝበለጸ ንኽፈልጥ ዕድል ረኺበ ኣለኹ። ከም ውጽኢቱ ኣብዚ እዋን ዝኾነ ዝኸብደኒ የለን። ዝደለኽዎ ዓይነት መግቢ ከይተጸገምኩ ክሰርሕ በቒዐ ኣለኹ። ብዘይካዚ፡ ኣብ እዋን ትምህርቲ መምህራንይ ኣዝዮም ይረዳድኡኒን ይተሓባበሩኒን ነይሮም። ስለዚ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞም ሰንክልና ተጸሊዖም ካልእ ኣድልዎን ከይገጥሞም ፈሪሖም፡ ካብ ገዛ ዘይወጹ ሰንኩላን ንኸኣሉ ስገሮም ንግዳም ክወጹ ይግባእ። ከምቲ ኣነ ንኽመሃር ሰንክልናይ ዘይዓገተኒ ካልኦት'ውን ብተበግሶ ኣብ ዝደለይዎ ሞያ ክዋፈሩ እላቦ። እቲ ምንታይሲ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝተማሃርኩሉ ምስ መምህር መደህን ኣሰፋው ክሰርሕ ዕድል ረኺበ ኣለኹ። ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ምስ መምህር መደህን እናኸድኩ መግቢ ኣብ ምቅራብ ይኹን ኣብ ካልእ ዕማም እነጥፍ ኣለኹ።

በዚ ክኣ ሰራሐ ጉዳይ ክኣቱን ጉጅኡ-ርእሰይ ክኽእልን በቒዐ፡ ክንዲ ዝኾኑ ብሰንክልናይ ተሰፋ ከይቑረጸት ነዚ ዕድል ዘጣጥሓትለይ መምህር መደህን ልባዊ ምስጋናይ ኣቐርብ” ክትብል እቲ ዝቐሰመቶ ትምህርቲ ኣገዳስነቱ ኣብ ዕቤት ውልቃዊ ፍልጠታ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ጉጅኡ-ርእሳ ክትክእል ባብ ከም ዝርሓወላ ትሕብር።

ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና፡ ዝተጎትአ ወይ ዝተሰናኸለ ዕምምት ኣእምሮን ምዕባለን ከም ዝኾነ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ይግለጽ እዩ። ሓደ ምስቲ ሰንክልና ዝነብር ሰብ ናይ ምንቅስቓስ፡ ም ብ ህ ሃ ል ፤ ማሕበራዊ ምውሳእ፡ ምግዛዕ፡ ምምሃር፡ ኑብሶኻ ምእላይን ምክንኻንን ዓቕሙ ድሩት ክኸውን ይኽእል። በዚ ምኽንያት፡ ኣልያ ናይቶም ምስ ዝተፈላለየ ኣእምሮኣውን ምዕባለን ሰንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ከበድ ይገብሮ። ንስድራ-ቤተን ወይ ኣለይቲ እቶም ሰንኩላን ብእተፈላለየ ኣገባብ ደገፍ ወይ ሓገዝ ክወሃብ ንዕዘዞ ኢና። ከም ኣካል ናይዚ፡ ንሰንኩላን ይኹን ንኣለይቲ ሞያዊ ስልጠናታት ብዝእዋኑ ይወሃብ እዩ። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ፡ ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውህሃድ ንኽልተ ወለዲ ስልጠና ሂቡ። ሓንቲ ካብ'ተን ወለዲ ወ/ሮ ሰምሃር ተኽለሰንበት እትበሃል እያ። ወሉዳ ዳኒኤል ኤልያስ ሰረብራላዊ መልመስቲ ከም ዘጋጠሞ ብምግላጽ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምስ ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህን ብምትሕብባር ዝጣጠጠሓሉ ስልጠና ኣመስጊና።

ወ/ሮ ሰምሃር ቀጺላ፡ “ኣብዚ ስልጠና ንኽንሳተፍ መምህር መደህን ንዝሓለፈቶ ተመኩሮን ካልእ ኣብነታትን እናኣምጽኦት ሰፊሕ ኣበርክቶ ገይራትልና እያ። ኣደ ምምሃር ማለት መላእ ሕብረተ-ሰብ ምምሃር ስለ ዝኾነ፡ ኣደታት ምስ ዝተፈላለየ ሰንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ሞያ እንተ ቐሲምና፡ ንካልኦት ስድራ-ቤታት ኣብነት ክንከውን ከም እንኽእል ሳላ ዝተገንዘበና ከኣ ኣብዚ ስልጠና ክንሳተፍ ክኢልና። ወደይ ንምእላይ ካብ ገዛ ብዙሕ ግዜ ስለዘይወጽእ፡ ብርግጽ ኣብቲ ፈለማ እዚ ስልጠና ከቢድ ነይሩ። የጉዳሲ ብሶላ ሓያል ምትብባዕን ደፍኢትን መምህር መደህን ነቲ ዘይሰገር ዝመስል ሓለፊ፡ ሞራለይ ክብ ብምባል ብሕገስ መንፈስ ትምህርተይ እከታተል ነይረ። ስለዚ፡ ኣብዚ እዋን ዝበረኸ ኩሉ ጸር ተፋኺሱ ኣሎ። ንወሉደይ ከለ መዳያዊ ሓገዝ ዘበርክተሉ ኣብ ገዛ ምስኡ ስለ ዝወዓልኩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝያዳ እንተ ተማሂረ ብዕጽፊ ክሕግዞ ከም ዝኽእል ክየገዝእ ክኢለ ኣለኹ” ብምባል ቅድሚ ናብቲ ስልጠና ምስታፋን ኣብዚ እዋን ዘሎን ፍልልያት ትገልጽ።

መንግስቲ ምስ ዝተፈላለየ ሰንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ጥጡሕ ማሕበረ-ቁጠባዊ ባይታ ንኽህልዎም በዝእዋኑ ሰፊሕ ሓገዛት ከም ዘበርክት ወ/ሮ ሰምሃር ብምግላጽ፡ እቲ ዝበለጸ መደብት ዕውት ዝኸውን ብደገፍ መላእ ሕብረተ-ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ካልኦት መንግስታውያንን ብሕታውያንን ትካላት ተመሳሲሊ ተበግሶ ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህን ብምውሳድ፡ በብዓቕሞም ሓገዝ ምስ ዘበርክቱ ብሩህ መጻኢ ከም ዝህልዎ ወሲኻ ሓቢራ። ኣሰዒባ ሰእኑት ይኹን ርኽበት ኣብ ኣእምሮ ብዘወጸ ቦታ'ዩ ዝልከዕ። እዚ ስለ ዝኾኑ ኣብቲ ስልጠና ብውሱን ትሕዝቶ ብዙሕ ዓይነት ዝተመጣጠነ መግቢ ክሰራሕ ከም ዝኽእል ብተግባር ከም እተማህረት ብምብራህ፡ ብዝዕባ ስሩዕን ጽፉፍን ስርዓተ-ኣመጋግባ ዝበረ ኣፍልጦ



ከም ዝበረኸ'ውን ኣፍሊጣ። ብተወሳኺ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነት ከምኡ ድማ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ዝተማህረኦ ኣብ ባይታ ንኸየዕሉ ናይ ሽቕለት ዕድል ክኸፍቱለን ተላቢያ።

ኣብ ሕብረተ-ሰብና፡ ምድላው መግቢ ዳርጋ ብደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ዝተባሕተ ዕማም እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ምድላው መግቢ ብደቂ-ኣንስትዮ ክዕመም እንከሎ፡ ገለ ውሑዳት ደቂ-ተባዕትዮ መግቢ ምስ ዘዳልዉ ከኣ ነውሪ ከም ዝፈጸሙ ክግለጽ ሓሊፉ ይሰማዕ እዩ። እንተኾነ፡ ምድላው መግቢ ይኹን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዕማማት ጾታዊ ድሩትነት ክህልዎም ኣይግባእን። እቲ ምንታይሲ፡ ስራሕ ወይ ሞያ ክብረት ስለ ዝኾነ። ኣብቲ ዕለት መመረቕታ 80 ተመረቕቲ ከም ዝበሩ ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ኣሎ። ኣቶ ጴጥሮስ ኣብርሃም ከኣ እቲ እንኮ ወዲ-ተባዕታይ ኣብቲ ስልጠና ዝተሳተፈ እዩ።

ኣቶ ጴጥሮስ ኣብቲ ስልጠና ንኽሳተፍ ደፍኢት ዝኾኖ ክገልጽ እንከሎ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህን ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ዝደህሰሰ ዓንቀጽ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ተዓዘበ ሰሩዕን ዝተመጣጠነን ስርዓተ-ኣመጋግባ ኣብ ስድራ-ቤቱ ንኸተኣታቱ ኣብቲ ትካል ክመሃር ከም ዝወሰነ ይገልጽ። ከም ዝፍለጥ፡ መግቢ ሓደ ካብ መሰረታውያን ጠለባት ደቂ-ሰብ እዩ። ክንዲ ዝኾነ እቶም ኣብ ዕለታዊ ናብራ እንዘውትሮም መግብታት ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ምስ እንገብሮም ዝያዳ ጥዑና ከም ዝህቡ ኣብቲ ስልጠና ከም ዝተማህረ የብርህ። ወሲኹ፡ ዝኾነ ሞያ ጾታ ስለ ዘይፈሊ ካልኦት ደቂ-ተባዕትዮ ንቕሓቶም ክብ ብምባል፡ ኣብቲ ክጥዕሙ ዝበህጉ ሞያ ንኽዋፈሩ ለበዋኡ የመሓላልፍ።

ወ/ሮ ሰሊያና ብርሃ ኣብ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን እትሰርሕ ኮይና፡ ንሳ ሓንቲ ካብ'ተን ብመንገዲ ሃማመተኤ ኣብቲ ስልጠና ንኽትሳተፍ ዕድል ዝረኸበት እያ። እቲ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስልጠና ኣብ ባህላውን ዘመናውን ኣሰራርሓ መግብን ማስተን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ምምቕራሕ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት መግብን ሓፈሻዊ ኣተሓሕዛ ጽሬትን ዝበሉ ንኡሳን ኣርእስትታት ከም ዘጠቓልል ትገልጽ። ኣብ እተፈላለየ ኣርእስትታት ፍልጠት ሰልጠንቲ ንኽሰፍሕ ባይታ ከም ዝፈጠረ'ውን ብምሕባር፡ ብፍላይ ብኸመይ ቀመማት ይውሰዱ፡ ባህላዊ ማስተታት ከም ሜስ ስዋ፡ ኣብ'ዕኽሊ ከርከደን ብኸመይ ይዳለዉ ዝበሉ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኣስተምህሮታት ከም ዝሓቀፉ ወሲኻ ኣፍሊጣ። እቲ ስልጠና ነቲ ብልምዲ ጥራይ ዝዘውተር ኣሰራርሓ መግቢ፡ ብፍልጠት ክድረዕ ዕድል ዝኸፍት ስለ ዝኾነ ርእሱ ተኣማኒት ዘበርኽ ብምዃኑ'ውን ካልኦት ተመሳሳሊ ዕድል ክፍጠረለን ተላብያ። “ክንዲ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህን ንልምዳዊ ኣገባብ ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ክነዕብዮ ባይታ ረኺብና” ክትብል ከኣ ትገልጽ።

ኣቦታ ቤት-ትምህርቲ ምስ ዝተፈላለየ ሰንክልና ዝነብሩ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ጸገም ዘለዎም ብርክት ዝበሉ ሰባት ኣብ ነንበይኑ እዋናት ስልጠና ከም ዝወሰዱ መምህር መደህን ኣሰፋው ሓቢራ። ከም መቐጸልታኡ፡ ኣባላት ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ተኻፊልቲ ዝወሃብ ስልጠና ንክኾኑ ናይ ባህሪ ለውጢ ንኽምዕብሉ ካብ ዝብል ሓሳብ ምስ ዝተፈላለየ ሰንክልና ንዝነብሩን ወለድን ኣብቲ ስልጠና ከም ዝተሳተፉ ወሲኻ ገሊጻ። እቲ መደብ ምስ ተጀመረ እተን ተመሃሮ ኣዝየን ንዱዓትን ግዱሳትን



መምህር መድህን ኣሰፋው



ወ/ሮ ሰምሃር ተኽለሰንበት



ፈሩዝ መኩንን

ብምንባረን ኣብዚ እዋን ኣብቲ ትካል ከም ሰራሕተኛታት ተቖጺረን ደሰርሓ ከም ዘለዋ ኣፍሊጣ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምእላይ ሰንኩላን ሓላፍነት መላእ ሕብረተ-ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ሰብ በበዓቕሙ ኑዮም ዜጋታት ብምሕጋዝ ናብ ባህሪ ለውጢ ኣምጺኦም ጉጅኡ-ርእሶም ክኽእሉ ክጽዕር ከም ዘጽዕ ኣብሪሃ። ብዘይካ'ዚ፡ መብዝሕትኡ እዋን ምእላይ ሰንኩላን ኣብ እንግድዓ ኣደታት ስለ ዝወድቕ፡ ነተን ብዙሕ ብድሆታት ዝሰገራ ወለዲ ዝምልከቶ ኣካል “ኣጆኽን” ክብለንን ዘድልየን ኩሉ መዳያዊ ደገፍ ከበርክተለንን ኣዘኻኺራ።

ቤት-ትምህርቲ ምድላው መግቢ መደህኔ ኣብ 2003 ስሩዕ ስልጠና ክትህብ ጀሚራ። እቲ ንመበል 26 ግዜ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተኻየደ እዩ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ክፍልም'ዩ

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ቀዳም 14 መጋቢት ኣብ ገደም ብወግዒ ክፍልም ምኽኑ፡ ንሰዓዝሰን ሓብሬታን ናይቲ እዚ ኣብ ዝገበሮ መግለጺ ሓቢሩ።

ንሰዓዝሰን ሓብሬታን እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ዝ ቀዳም ዝጀምር ስፖርታዊ ውድድራት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣሃዱታት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ኣብታ ዝተሓተት ኣሃዱ ጀሚረን ክቱይድኦ ኣብ ዝጸንሓ ውድድራት፡ ብሉጻት ኩይናም ዝረኸቡዎም ስፖርተኛታት ብምምራጽ ኣብዚ ግጥም ክሳትፍኦም ምኽኒን ገሊጹ። እቲ ኣሃዱ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ቀጽሪ ተወዳደርቲ ጋንታታት ክብ ክም ዝበለ'ውን ሓቢሩ።

ብዘወሳኺ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ኣብ ርእሲ እቲ ዝነበረ ውድድራት፡ ውድድራት ከብዕ ሰከይት፡ ቅድድም ብሽክለታ፡ ቸስን ምሕንባስን'ውን ከም ዝተኣታተወ ገሊጹ።

ንሰዓዝሰን ሓብሬታን እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዝቶደድ ውድድራት፡ ጋንታታት ሓይልትን ክኢላታትን ስፖርታውያን ጸንቢረን ብምህላወን፡ ሓያል ስፖርታዊ ውድድራት ክረአ ትጽቢት ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብዚ ውድድር ብሉጻት ኩይናም ዝተረኸቡ ስፖርተኛታት ድማ፡ ንታ ኣብ መላእ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንተወርዋሪ ወኪሎ እትሳተፍ ጋንታ ሓሬና ክውክሉ'ዮም።

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ክሳዕ 14 ግንቦት 2026 ንክልተ ወርሒ ክቶየድ'ዩ።



## ጨካን ክዉንነት ኑኖ እስፕሪቶ ሳንቶ

ኣብ 2017 ስሙ ኣብ እንግሊዝ ክሰምዕ ጀሚሩ፣ ኑኖ እስፕሪቶ ሳንቶ። ንታ ኣብ ውድድራት ሻምፕዮንሺፕ(ካልኣይ ደቪዝዮን) 16 ዓወት ብምምዝጋቡ ብ58 ነጥቢ ኣብ መበል 15 ደረጃ ተሰሪዓ ዝነበረት ዎልቭስ ከሰልጥን ተማዚዙ። ኑኖ፡ ኣብዚ ኣብ እንግሊዝ ዝገበሮ ትሸዓተ ዓመት፡ ንኣርባዕተ ክለባት ከም ኣሰልጣኒ ኺዩድ መሪሑ፣ ዎልቭስ፡ ቶተንሃም፡ ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ሕጂ ድማ ንዌስት ሃም። ኑኖ፡ ዘሰልጥና ዘላ ዌስት ሃም፡ ሎሚ ዓመት 28 ነጥቢ ብምእካብ ኣብ መበል 18 ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ። እቲ ዘገርም ከኣ ኑኖ ዘሰልጠነን ኣርባዕተኣን ጋንታታት፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ካብዘን ንድሕሪት ክይምለሳ ዘሰግኣ ሓሙሽተ ጋንታታት ኩይነን ምርካበን'ዩ። ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከኣ ዝ ናይ ኑኖ ከኣታት 'ጨካን ክዉንነት' ብምባል ይገልጽዎ'ለዉ።

### ኑኖ ኣብ ፕሪመር ሊግ

ኑኖ እስፕሪቶ ሳንቶ፡ ንታ ክትስሓግ ዝጸንሓቶ ዎልቭስ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ 99 ነጥቢ ብምእካቡ ናብ ፕሪመር ሊግ ክትሰግር ኣኽኢልዋ'ዩ። በዚ ኸኣ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኮኾብ ኣሰልጣኒ ኸም ዝመጽእ ንዓለም ዝሓበረ። ኑኖ፡ ንዎልቭስ ኣብ ዓመተ 2018-19 ከምኡ'ውን 2019-20 ብተኸታታሊ ሻብዓይ ደረጃ ኸትሕዝ ብምኽኣሉ፡ ድሕሪ 1980 ዝልዓለ ደረጃ እታ ክለብ ጨቢጠ። ኣብ ውድድራት ኤውሮጳውያን ሊግ'ውን ክሳዕ ርብዒ ፍጻመ



ብምብጽሑ፡ እዛ ክለብ ኣብ ውሽጢ 50 ዓመት ዝበለጸ ወጽኢት ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድራት ዘመዝገበቶ ኺዩድ ተሰኪዱ። ብድሕሪኡ ምስ ዎልቭስ ዝነበሮ ስምምዕ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ኣብቂዑ። ኣብ 2021 ድማ ንቶተንሃም ተረኪቡዋ። ቶተንሃም ከኣ ድኹም ወጽኢት ኣሰልካዩ ጸወታ፡ ድኹም ምትእስሳር ምስ ተጻወትቲን ደገፍትን ኣንጸባሪቕካ ብምባል፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ወርሒ ጸንሓት ኣባሪራቶ። ቀጺሉ ናብ ሊግ ስዑድያ ኣቕኒዑ። ንኣል ኢቲሓድ መሪሑ ድማ ኣብ 2023 ጸዋእ እቲ ሊግ ኣልዒሉ። ኣብ ታሕሳስ 2023 ከኣ ንኖቲንግሃም ፎረስት ብምሓዙ ናብ ፕሪመር ሊግ ተመሊሱ። ምስዚ'ውን ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ጸንሓት፡ ኣብ 2025 ተፈሊሉ'ዩ። ካብ መስከረም 2025 ኣትሒዙ ድማ መንበር ምስልጣን ዌስት ሃም ተረኪቡ ይርከብ። ምስ ዌስት ሃም ኣብ ዝገበሮ ዘሎ ጸወታ፡ 29% ናይ ምዕዋት ተኽእሎ እናሓዘ ንድሕሪት ንኸይትምለስ ኣብ ደረጃ ስግኣት ይርከብ።

ኑኖ እስፕሪቶ ሳንቶ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እቲ ናይ መጀመርያ ኣርባዕተ ክለባት ዘሰልጠነ ጸሊም ዜጋ ክኸውን ዝኽኣለ'ዩ። ሕጂ ድማ ኣርባዕተ ካብዘን ሎሚ ዓመት ንድሕሪት ክይምለሳ ዘሰግኣ ሓሙሽተ ክለባት ብምስልጣኑ መዛረቢ ኺዩድ ይርከብ።

## "ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ተዘራሪበ፡ ልበይ ግን ናብ ማድሪድ እዩ ነይሩ፡" ጋሬዝ ቤል

**ዘርእማርያም ከሰተ**

ኮኾብ ተጻዋታይ ርያል ማድሪድን ቶተንሃምን ዝነበረ ጋሬዝ ቤል፡ ኣብቲ ዝለዓለ ብቕዓቱ ዝነበረሉ ግዜ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ናይ ምስጓጋር ዘተ ከምዝገበሮ ንመጀመርያ ግዜ ተዛሪቡ።

ኣብቲ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ምስልጣን ዝሓደገሉን ማንቸስተር ዩናይትድ ዓበይቲ ለውጥታት እተካይደሉን ዝነበረት እዋን ቤል ሓደ ካብቶም ቀንዲ ዕላማታት ማንቸስተር ዩናይትድ ነይሩ። ቤል፡ ዝ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ቃለመሕትት፡ ምስቲ ሽዑ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ ደቪድ ሞየስ ከም እተዘራረበ እኳ እንተገለጸ፡ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ንምኻድ ግን ብዙሕ ከምዘይሓሰበሉ ገሊጹ።

ቤል፡ ማንቸስተር ሓዲጉ ርያል ማድሪድ ክመርጽ ዝገደዶ ክልተ ምኽንያት ከብርህ እንከሎ፡ ቀዳማይ ናይ ልቢ ምርጫ ምኻኑ ብምግላጽ፡ "ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ተዘራሪበ ነይረ'የ፡ ልበይ ግን ካብ ቀደሙ ናብ ማድሪድ'ዩ ነይሩ፣" ኢሉ። እቲ ካልኣይ ምኽንያት ድማ፡ ንቤል ናብ ቀንዲ መቀናቐንቱ ዝኾና ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ብምሻጥ ንማንቸስተር ዩናይትድ ከይልድል ፍጹም ድሉት ዘይነበረ ኣቦ መንበር ቶተንሃም ዳኒኤል ሌቪ፡ "ዝመጽእ ዓመት (2013) ከም ርያል ማድሪድ ዝኣመሰለ ዓበይቲ ጋንታታት እንተመጽኤናኻ ክንሸጠካ ኢና፡" ዝበሎ ስምምዕ ነይርዎ።



ቤል፡ ካብ ማንቸስተር ንማድሪድ ምምራጹ፡ "ቅኑዕ ውሳነ ዶ ነይሩ፧" ምስ እንብል፡ ታሪኽ ከም ዘርእዮ፡ ጋሬዝ ቤል ናብ ስጳኛ ብምኻዱ ኣዝዩ ወጽኢታዊ እዋን ኣሕሊፉ'ዩ። ምስ ርያል ማድሪድ ኣብ 258 ጸወታታት ተሰሊፉ፣ 106 ሽቶታት ኣመዝጊቡ። ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ክዕትር ክኢሉ'ዩ። ብኣንጻሩ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብቲ ፈርጉሰን ዝገደፉ ግዜ ጀሚሩ፣ ንዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ዋንጫ ፕሪምየር ሊግ ይኹን ሻምፕዮንስ ሊግ ክትዕትር ኣይክኣለትን ዘላ።

## ደርቢ ደላ ማዶኒና

ሎሚ ሜዳ ሳን ሲሮ መበል 117 ዓመት ጸወታ ደርቢ ደላ ማዶኒና ክኣንግድ'ዩ። እቲ ግጥም፡ ኣብ መንኸ ታ ካልኣይቲ ዘላ ኤሲ ሚላንን እታ ብዩኣርት ነጥቢ በሊጻታ ዘላ ኢንተር ሚላንን ክኸውን እዩ።

ኣብዚ 27 ጸወታታት ኣሰሳሲሉ ዝርከብ ሰሪ ኣ፡ ኤሲ ሚላን ኣብ ሜዳኣ ካብ ዘካየደቶ 15 ግጥማት ኣብ ትሸዓተ ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ'ያ። ሚላን ድሕርቲ ብፓርማ 1-0 ዝተረትዓትሉ ግጥም፡ ኣብ 24 ግጥማት ኣይተሳዕረትን ዘላ። እታ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስታ ኣብ ዳሕረዋይ መስሌል ሰሪ ኣ እትርከብ ክሪሞኔዝ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም፡ ንኸሎ 2-0 1 ብምዕዋት ምስ ኢንተር ዘለዋ ፍልልይ ናብ 12 ካብ ምድያብ ድሒና'ያ። ሎሚ ድማ ኤሲ ሚላን ምስታ ንሜዳ ሳን ሲሮ ማዕረኣ እትውንኖ ኢንተር ሚላን ብምዕዋም፡ መበል 28 ጸወታ ናይዚ ወቕቲ ክተካይድ'ያ። ኤሲ ሚላን ኣብቲ 23 ሕዳር 2025 ዝተኻየደ ናይዚ ወቕቲ ቀዳማይ ጸወታ ደርቢ ደላ ማዶና፡ 1-0 ተዓዊታትሉ ነይራ'ያ። ሎሚ እትካየዶ ጸወታ ብምዕዋት ከኣ፡ ድሕሪ 2011 ኣብ ሓደ ወቕቲ ክልተ ዓወት፡ ደርቢ ደላ ማዶና ክተመዝግብ ተበጊሳ ትርከብ። ኢንተር ሚላን ብወገና፡ ካብ 27 ጸወታታት ኣብ 22 ግጥማት ክትዕወት እንከላ ድሕርቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር ዝተሳዕረትሉ ግጥም፡ ዝኾነ ስዕረት ኣየመዝገበትን ዘላ። ኢንተር፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንጀኖኣ 2-0 ብምርታዕ ናይ ሚእቲ ሚእታዊት ዓወት ዓቂባቶ ኣላ።



ኢንተር፡ 64 ሽቶታት ብምምዝጋብ ንሚላን ብ21 ሽቶታት በሊጻታ ትርከብ። እዚ ኸኣ ናይቲ ፈጠራቶ ዘላ ሓያል መስመር ምጥቃዕ መርኣያ'ዩ።

ክልቲኤን ጋንታታት ተራኺበን ካብ ዘካየድኦ ዳሕረዋይ ሽዱሽተ ጸወታ፡ ኤሲ ሚላን ኣብ ኣርባዕተ ጸወታ ክትዕወት እንከላ ክልተ ጸወታ ድማ ማዕረ ወጺኦን። ናይ ሎሚ ሰዓቡ ጸወታ፡ ኢንተር ሚላን ብ67 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ኤሲ ሚላን ከኣ ብ57 ነጥቢ ካልኣይቲ ኣብ ዘለዋሉ ዘካይዳኦ ጸወታ ብምኻኑ ከናቲ ናይ ደርቢ ጸወታ፡ ሓያል ምትህልላኽ ክረኣዮ ትጽቢት ይግበረሉ።

መርበብ ሓበሬታ 'ስፖርት ሞል' እዚ ጸወታ፡ ኢንተር ሚላን 2-0 1 ብምዕዋት መራሕነታ ክተደልድል ግምታ ሂባ ትርከብ። ንስኻትኩም ኩ መን ትዕወት ትብሉ፧

## ኣርሰናል፡ ሓድሽ ታሪኽ ኣጽሒፉ

ውድድራት ኤፍኤ ካፕ፡ ተሰፉ ዘለዎም ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምምጻእ ርሒብ ዕድል ዝፈጥር ውድድር'ዩ።

ኣርሰናል'ውን ትማሊ ምስ ማንስፊልድ ታውን ኣብ ዘካየዶ ጸወታ፡ ሓሙሻይ ዙርያ ውድድራት ኤፍኤ ካፕ መንእሰያት ተጻወትቲ ብምስታፍ ኣንጸባሪቓቶ።

ኣርቴታ፡ ኣብ ማእከላይ ሰሙን ካብታ ንብራይተን 1-0 ዝረትዐት ጋንታኡ፡ ብዙሕ ለውጢ ብምግባር ናብ ሜዳ ማንስፊልድ ታውን ተጓዒዙ። ኣርሰናል፡ ኣብዚ ካብ ማዳኣን ኣዘን ኣብ መበል 41ን 66ን ደቒቕ ሽቶ ብምርካብ 2-0 1 ዝተዓወተትሉ ግጥም፡ ኣብ መሰርዓ ኑቲ ብመጉዳእቲ ካብ ጸወታ ርሒቑ ዝጸንሐ ወዲ 16 ዓመት ማክስ ዳውማን ኣሰሊፉቶ። ብተመሳሳሊ፡ ንወዲ 16 ዓመት ማሊ ሳልሞን ኣብዚ ናይ ትማሊ ጸወታ ኣውሪዱዎ። በዚ ኸኣ ኣርሰናል፡ ኣብ ታሪኽ ናይ ፕሪመር ሊግ ጋንታታት፡ ቀዳመይቲ 16 ትሕቲኡን ዝዕድሚኦም ክልተ ተጻወትቲ፡ ጸወታ ከም ዝጀምሩ ዝገበረት ጋንታ ኮይና ኣላ።




ኣርሰናል፡ በዚ ናይ ትማሊ ዓወት ተሓጊዛ ርብዒ ፍጻመ ናይ ኤፍኤ ካፕ ክተውሕስ ከሎ፡ ኣብ ካራባኦ ድማ፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሓ ትርከብ። ኣርሰናል፡ ንመሳልል ፕሪመር ሊግ ኣብ ቅድሚት ኣብ ትመርሓሉ ዘላ፡ ኣብ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ ኣብ ዙር 16 ኣትያ ትርከብ። በዚ ድማ ኣርሰናል፡ ሎሚ ዓመት ኣርባዕተ ዋናጩ ናብ ከብሓኣ ንምእታው ትግዕዝ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ፡ ኣርሰናል ኣብዚ ዓመት ኣብ ሓሙሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ካብ ዝርከብ ጋንታታት 100 ሽቶ ዝበጽሐት ሳልሰይቲ ጋንታ ኮይና። ባየር መዩኽ 128፡ ከምኡ ድማ ባርሴሎና 110 ሽቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ቅድሚት ይርከባ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሊግ ዞባ ማእከል**

ዘራእትን ጥሪትን - ቀይሕ ባሕሪ 1:30 ድ.ቐ

ደንደን - ማይተመናይ 3:30 ድ.ቐ

**ኤፍኤ ካፕ**

ፉልሃም - ሳውዝሃምፕተን 3:00 ድ.ቐ

ፖርት ቫለ - ሳንደርላንድ 4:30 ድ.ቐ

ሊድስ ዩናይትድ - ኖርዊች 7:30 ድ.ቐ

**ሰሪ ኣ**

ኤሲ ሚላን - ኢንተር ሚላን 10:45 ድ.ቐ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 08/03/2026 | ጎደና 176-3 ቁ.8ቁብ. ማ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከብ. 2ይ መደበር ፓሊስ (ኮርሺሊ. | 123105 |
| ፋርማሲ ኤደን | | ከብ. ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባርሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services